## ኢሳይያስ 51

12 ኣነ፡ ኣነ እየ ዘጸናንዓኩም፡ ንስኻኸ ካብዚ መዋቲ ሰብ፡ ካብዚ ኸም ሳዕሪ ዚሓልፍ ወዲ ሰብ
እትፈርህሲ መን ኢኻ?
13 ነቲ ሰማያት ዝገተረ፡ ንምድሪ ኸኣ ዝሰረተ፡ ነቲ ዝፈጠረካ እግዚኣብሄር ረሳዕካዮ። ኲሉ ጊዜ፡ ኲሉ
መዓልቲ ኻብ ነድሪ እቲ ንምጥፋእ እተዳለወ ገፋዒ ትፈርህ ኣሎኻ። ነድሪ እቲ ገፋዒ ደኣ ኣበይ ኣሎ?
14 እቲ እሱር ቀልጢፉ ኺፍታሕ፡ ኣይኪመውትን ኣይኪቕበርን፡ እንጌራውን ኣይኪስእንን እዩ።
15 ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እየ እሞ፡ ንባሕሪ፡ ማዕበላ ኽሳዕ ዚህምም፡ ኤናውጾ፡ ስሙውን
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት እዩ።
16 ንሰማያት ክተኽሎም፡ ንምድሪ ኸኣ ክስርታ፡ ንጽዮን ድማ፡ ንስኺ ህዝበይ ኢኺ፡ ክብልሲ ቓላተይ
ኣብ ኣፍካ ኣንበርኩ፡ ብጽላል ኢደይውን ከወልኩኻ።

## 1ይ ተሰሎንቄ 4

13 ግናኸ፡ ኣሕዋተየ፡ ከምቶም ተስፋ ዜብሎም ካልኦት ምእንቲ ኸይትሓዝኑ፡ ብዛዕባ እቶም ደቂሶም
ዘለዉ ብዘይ ፍልጠት ክትኰኑ ኣይፈቱን እየ።
14 ማለት፡ የሱስ ከም ዝሞተን ከም ዝተንስኤን ኣሚንና እንተ ኼንና፡ ከምኡውን ኣምላኽ ነቶም
ብየሱስ ዝደቀሱ ምስኡ ኼምጽኦም እዩ።
15 ንሕና ኽሳዕ ምጽኣት ጐይታ ብህይወትና እንጸንሕ ከኣ ነቶም ዝደቀሱ ከቶ ኸም ዘይንቕድሞም፡
እዚ ብቓል ጐይታ ንብለኩም አሎና።
16 ጐይታ ባዕሉ ብናይ ትእዛዝ ጭድርታን ብድምጺ ሊቀ መላእኽትን ብመለኸት ኣምላኽን ካብ
ሰማይ ኪወርድ እዩ፡ እቶም ብክርስቶስ ዝሞቱውን ቅድም ኪትንስኡ እዮም።
17 ድሕርዚ ንሕና ብህይወት ጸኒሕና ዘሎና ንምቕባል ጐይታ ኣብ ኣየር ምሳታቶም ሓቢርና ብደበና
ኽንለዓል ኢና፡ ከምኡውን ንሓዋሩ ምስ ጐይታ ኽንነብር ኢና።
18 ደጊም በዘን ቃላት እዚኣተን ንሓድሕድኩም ተጻናንዑ።

## ማቴዎስ 24

15 እቲ ብነብዩ ዳንኤል እተባህለ ናይ ጥፍኣት ርኽሰት ኣብታ ቅድስቲ ስፍራ ቈይሙ እንተ ርኤኹም፡
- እቲ ዜንብብ የስተውዕል፡ -
16 ሽዑ ኣብ ይሁዳ ዘለዉ ናብ ኣኽራን ይህደሙ።
17 ኣብ ዝባን ናሕሲ ዘለዉ ኸኣ ካብ ቤቱ ገለ ኺማላእ ኣይውረድ።
18 ኣብ ወፍሪ ዘሎ ድማ ክዳኑ ኺወስድ ንድሕሪት ኣይመለስ።
19 በታ ቕነ እቲኣ ግና ንጥኑሳትን ንዜጥብዋን ወይሌኤን።
20-21 ሽዑ መከራ ኪኸውን እዩ፡ ከምኡ ዝበለ ኻብ መጀመርታ ዓለም ክሳዕ ሎሚ ዘይኰነ፡ ከቶ ድማ
ዘይከውን እዩ እሞ፡ እቲ ምህዳምኩም ብኽረምቲ ወይ ብሰንበት ከይከውንሲ ለምኑ።
22 እተን መዓልትታት እቲኤን እንተ ዘይሓጽራስ፡ ስጋ ዝለበሰ ዅሉ ኣይምደሓነን። ምእንቲ እቶም
ሕሩያት ግና እተን መዓልትታት እቲኤን ኪሓጽራ እየን።
23 ሽዑ ገለ፡ እንሆ ክርስቶስ ኣብዚ ወይ ኣብቲ፡ እንተ በለኩም፡ ኣይትእመንዎ።
24 ናይ ሓሶት መሲሃትን ናይ ሓሶት ነብያትን ኪመጹ እዮም እሞ፡ እንተ ተኻእሎምሲ፡ ነቶም ሕሩያት
እኳ ኬስሕቱ፡ ዓበይቲ ትእምርትን ተኣምራትን ኪገብሩ እዮም።
25 እንሆ፡ ኣቐዲመ ነገርኩኹም።

26 እንሆ፡ ኣብ በረኻ አሎ፡ እንተ በሉኹም፡ ኣይትውጽኡ። ኣብ ቤት አሎ እንተ በሉኹምውን፡
ኣይትእመኑ።
27 በርቂ ኻብ ምብራቕ በረቑ ኽሳዕ ምዕራብ ከም ዚርኤ፡ ምጽኣት ወዲ ሰብ ከኣ ከምኡ ኪኸውን
እዩ።
28 ኣብቲ ገምቢ ዘለዎ፡ ኣሞራታት ከኣ ናብኡ ኪእከቡ እዮም።